Ambasciata dello Stato
di Eritrea

00187 Roma, Via Boncompagni, 16/6
Tel. (0039) 0642741293
Fax (0039) 0642086806
segreteria@embassyoferitrea.it

Ref.

ሮማ ፡ 09/10/2013

# ኣገዳሲ መግለጺ ንሓፋሽ ህዝቢ

ብዙሓት ስድራ-ቤታትን ብዓቢኡ ከኣ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራን ፡ ብኣብ ላምፐዱዛ (ኢጣልያ) ንመንእሰያትና ኣጋጢሙ ዘሎ ናይ ባሕሪ ሓደጋን ሞትን ፡ ኣብ ከቢድ ሓዘን ኣትዩሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ከኣ ፡ ኣብ ሓደ ህሞት ክንድ'ቲ ኣብ ኲናት ክመጽእ ዝኽእል ናይ ሂወት ምጥፋእ ፡ ኣብዘይ ናይ ኲናት ህሞት ኣብ መንእሰያትና ብምውራዱ'ዩ።

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ፡ ምስ ማሕበረ ኮማቱ ፡ ንብህይወቶም ተሪፎም ዘለዉ መንእሰያትና ፡ ዝግብኦም ሓገዝ ክበርክተሎም ምኺኑ እናገለጸ ፡ ንሬሳታት መንእሰያትና ከኣ ኣብ ሃገር ኣትዩ ግቡእ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ክግበረሉ ፡ መንግስቲ ኤርትራ ፡ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት ይኹን ካልእ ዝማልእ ነገራት ቀሪቡ ስለዘሎ ፡ ንተግባራውነቱ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ኢጣልያ ኣብ ምዝርራብ ከም ዘሎ ንሕብር።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ

ሮማ - ኢጣልያ

EMBASSY OF ERITREA
ROME